Washington State Department of
Labor & Industries
Division of Occupational Safety and Health

# ናይ DOSH ሓደጋ መጠንቀቕታ

ኣስራሕቲ ናይ ስራሕቦታ ማህሰይቲታት ክከላኸሉ ምሕጋዝ

**ማርች 2021**

## ኣብ ልዕሊ ዘወርቲ ኣውቶቡስ ናይ መንኩብ ማህሰይቲ ዘስዕቡ ናይ ድሕነት መከላኸሊታት



ከምዚ ኣብዚ ዝረኣይ ዘሎ ነቶም ኣብ ኣውቶቡሳት ዘለዉ ናይ ድሕነት መከላኸልቲ ንምቅስቓስ ብተደጋጋሚ ንጎኒን ንድሕሪትን ምምጥጣር ዘወርቲ ንሓደጋ ማህሰይቲ መንኩብ ከሳጥሑ ይገብር። ናይ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ መመላለሲት ኣጋይሽ ተሸከርካሪት ዘርኢ ምስሊ።

**ጠመተ:** ኣስራሕቲ ናይ ኣውቶቡስ ዘወርቲ

### ናይ መንኩብ ማህሰይቲ ዘስዕብ ተደጋጋሚ ምንቅስቓስ

ኣብ ግዝኣት ዋሺንግተን ኣብ ዝርከባ ብዙሓት ናይ ትራንዚት ትካላት ዝሰርሑ ዘወርቲ/ኣሽከርከርቲ ከም መከላኺሊ ኮቪድ-19 ከገልግሉ ዝተገጥሙ ናይ ድሕነት መከላኸሊታት ብተደጋጋሚ ብኣእዳዎም ክሽፍቱን ክዓጹን ብዝገብሩዎ ምንቅስቓስ ናይ መንኩብ ማህሰይቲ ከጋጥሞም ክኢሉ እዩ።

ዘወርቲ ናይ ኣውቶቡሳት ነቲ ነቲ ናይ ድሕነት መከላኸሊ ከንቀሳቕሱ ጉልበት ስለ ዘድልዮም ብጎኖም ገጽ ንድሕሪት ክመጣጠሩ ይግደዱ። እዚ መንኩቦም ከሳዕ ናይ መወዳእታ ጫፍ ናይ ምንቅስቃስ ርሕቀቱ ክውጠጥ የገድዶ። ካብ መጀመርያ ክሳዕ መወዳእታ ናይ ስራሕ ግዜኻ ብተደጋጋሚ እዚ ኣጸጋሚ ምንቅስቓስ እናገበርካ ምጽናሕ ነቲ መላግቦ ዓጽሚ ክሃስዮ ይኽእል እዩ። ብፍላይ እቲ ተሽከርካሪ መጋጥም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተደጋጋሚ ምንቅስቃሳት ንማህሰይቲ ዝተቓልዐ እዩ።

ኣብ መንኩብ ዘጋጥሙ ማህሰይቲታት ብሓፈሻ ሓደ ካብቶም ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ዘጋጥሙ ኣዝዮም ከበድቲ ዓይነታት ማህሰይቲታት እዩ፡ እዚኦም ብማእከላይ ደረጃ ንልዕሊ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝገብሩማህሰይቲታት ክኾኑ እንከለዉ ኣብ ልዕሊ ሕድሕድ ሀሱይ ሰራሕተኛ $28,000 ክሳራ የስዕቡ። ናይ SHARP ሕትመት ረኣይ — **www.Lni.wa.gov/safety-health/safety-research/files/2019/wmsdclaimssnapshot_shoulder.pdf** — ንዝያዳ ሓበሬታ።

### ማህሰይቲታት ከመይ ምክልኻል ይከኣል

እቲ ብሉጽ መፍትሒ እቶም ናይ ድሕነት መከላኸሊታት እቶም ናይ ኣውቶቡሳት ዘወርቲ ክይተመጣጠሩን ኣጸጋሚ ተደጋጋሚ ምንቅስቓስ ከይበሩን ብኣውቶማቲክ ኣገባብ ዝዓጽውዎምን ዝኽፍትዎምን ከምዝኾኑ ጌርካ ምምሕያሽ እዩ። እዚ እቲ ናይ መንኩብ ማህሰይቲ ዘስዕብ ምንቅስቓስ የወግድ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሕድሕድ ጠጠው መበሊ ግቡኣ ኣጠቓቕማ ዘረጋግጽ እውን እዩ።





ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣውቶማቲክ ናይ ድሕነት መከላኸልቲ ናይ መንኩብ ማህሰይቲ ክከላኸሉ ይኽእሉ። ከምዚ ዓይነት መከላኸሊ ከመይ ከምዝሰርሕ ንምርኣይ፡ ነዚ ቪድዮ ረኣይ: **www.youtube.com/watch?v=_052f_g60ag**። ናይ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ መመላለሲት ኣጋይሽ ተሸከርካሪት ዘርኢ ምስሊን ቪድዮን።

ኣውቶማቲክ ጌርካ ምምሕያሽ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘይከኣል እንተኾይኑ፡ ኣብ ልዕሊ እዞም ብኢድ ዝሰርሑ መከላኸሊታት ግዝያዊ ምምሕያሻት ምግባር ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት:

- መትሓዚ ናይቲ መከላኸሊ እቲ ዘዋሪ ብዙሕ ከይተመጣጠረ ክሽፍቶን ክዓጽዎን ናብ ዝኽእለሉ ሸነኽ ምቕያር። እቲ መትሓዚ እቶም ዘወርቲ ብተፈጥሮኣዊ "ኢድንኢድ ምጭብባጥ" ኣገባብ ክጭብጥዎ ምእንታን ክኽእሉ ትኹል ኣቃውማ ከም ዝህልዎ ምግባር።
- ኣብቲ መከላኸሊ ገመድ ኣላጊብካ እቲ ካልእ ጫፍ ናይቲ ገመድ ናብ ሰውነት ናይቲ ዘዋሪ ኣቕሪብካ ብምንጥልጣል ልዕሊ ዓቕን ምምጥጣርን ኣጸጋሚ ምንቅስቓስን ምክልኻል።
- እቶም ድሕነት ናይቲ መከላኸሊ ንምርግጋጽ ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓሉ ማግኔት ወይ ካልኦት መሳርሒታት ብዝተኽኣለ መጠን ትሑት መጠን ሓይሊ ተጠቂምካ ነቲ መከላኸሊ ምንቅስቓስ ከም ዘኽእሉ ምግባር።

## ካልኦት ክትውክሰም እትኽእል ምንጭታት ናይ ሓበሬታ

ኤሌክትሮኒካዊ ቅዳሕ ናይዚ መጠንቀቕታ ናይ ሓደጋ ንምርካብ፡ ናብዚ ኪድ **www.Lni.wa.gov/HazardAlerts**

ናይ L&I ውሑስነት ገጽ መርበብ ሓበሬታ: **www.Lni.wa.gov/safety-health**

ካልኦት ተዛመድቲ ስሪታት ብዝምልከት፡ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ናይ L&I ኣዘራርብ ወይድማ ናይ ውሑስነት ስሪታት ገጽ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ: **www.Lni.wa.gov/SafetyRules**

እቲ ዝቐረበ ቤት-ጽሕፈት L&I ንምርካብ፡ **www.Lni.wa.gov/Offices** ተወከስ።

### ካብ ሽቃሎን ኢንዳስትሪታትን (Labor & Industries) ብኸመይ እየ ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል?

እቲ ዲፓርትመንት ናይ ሽቃሎን ኢንዳስትሪታትን ንሰራሕተኛታት ካብ ክፍሊት ናጻ ማዕዳታት፡ ስልጠና፡ ከምኡድማ ቴክኒካዊ ሓገዝ ይህብ። ናጻን ሞስጢሩ ዝተሓለወን ማዕዳታት ንምርካብ ሎሚ ደዊልካ ቆጸራ ኣትሕዝ ወይድማ ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ **www.Lni.wa.gov/SafetyConsultants** ኪድ።

ብተወሳኺ ናብ 1-800-423-7233 ክትድውል ወይድማ ኣብ ከባቢኻ ናብ ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት L&I ኬድካ ነቲ ናይ ማዕዳ ሓላፊ ሕተት።

*እዚ መጠንቀቕታ ንኣስራሕቲ፡ ናይ ሽቃሎ ጉጅለታት፡ ከምኡድማ ንሽቃሎ ምስ ናይ ስራሕ ንጥፈታት ተዛሚዶም ብዛዕባ ዝመጹ ሓደጋታት ከጠንቅቕ ብ ናይ L&I ናይ ሞያዊ ስራሕ ውሑስነትን ጥዕናን ዲቪዥን (DOSH) ዝተዳለወ እዩ። እዚ ስሪት ስለ ዘይኮነ ሓደሽቲ ግዴታታት ኣይፈጥርን። እቲ ዝቐረበ ሓበሬታ ናይ ስራሕ ቦታ ሓደጋታት ከመይ ምውጋድ ከም ዝከኣል ዘርኢ ማዕዳ የጠቓልል ከምኡድማ ጠቓምቲ ኣስገዳድ ናይ ውሑስነትን ጥዕናን ስሪታት ይገልጽ። ንዝያዳ ረቛሒታት ተዛመድቲ ስሪታት ኮላይ ክትርእዩ DOSH ይመክር።*

FY21-241 (Tigrinya) [03-2021]